**ዘቤታዊ መጥቃዕቲ ጥቁዓት ብዛዕባ ዝኾኑ ሰባት መሰልን ብመርዓ ምኽንያት ብዛዕባ ዝርከብ ናይ ነባርነት ቪዛ ዝርዝር ሓበሬታ ዕላማ**

ብነባርነት ቪዛ ናብ ኣሜሪካ ሃገር ዝኀዓዙ መብዛሕትኦም ሰባት ንጥቕዓት ተቃላዕቲ ዝኾኑ ቋንቋ ኢንግሊሽ ብዘይምኽኣሎም፣ ካብ ቤተሰብ ከምኡውን ፈተውቲ ተፈልዮም ዝነብሩ ብምኻኖም ከምኡውን ናይ ኣሜሪካ ሕግታት ብብቁዕ ኩነታት ብዘይምፍላጦም እዩ። ካብዚ ዝተላዕለ ናይ ነባርነት ቪዛ ኣመልከትቲ ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝበጽሖም መጥቃዕቲ ንፖሊስ ንምሕባር ኮነ ዝኾነ ዓይነት ሓገዝ ንምሕታት ኣይደፍሩን። እዚ ድማ መብዛሕትኦም ተጠቃዕቲ ተኀዳእቲ ኣብ ዝኾኑሉ ርክብ ከም ዝጸንሑ ይገብሮም።

እዚ በራሪ ወረቐት ዘቤታዊ ዓመጽ እንታይ ከም ዝኾነን ብሕጊ ኣሜሪካ ብዛዕባ ዘለዉ መሰላት ሓበሬታ ይህበ። እዚ ድማ ኣብ ዓለም ለኸ ናይ መርዓ ኣራኻቢ መተሓዳደሪ ሕጊ መሰረት ናይ ኣሜሪካ መንግስቲ ብመርዓ ወይ ብመርዓ ምኽንያት ናይ ነባርነት ቪዛ ንዝረኽቡ ናይ ወጻኢ ዜጋ ኣመልከትቲ ብሕጊ ኣሜሪካ ብዛዕባ ዘለዎም መሰል ከምኡውን ኣሜሪካዊ ሕጹዮም/በዓልቤቶም ምስ ዘቤታዊ መጥቃዕቲ ወይ ካልኦት ገበናት ብዝተተሓሓዘ ዘለዎም ታሪኽ ዝምልከት ሓበሬታ ምሃብ ስለዘለዎ እዩ። ናይዚ ዋና ዕላማ ናይ ሕጹይነት ወይ ናይ መርዓ ናይ ነባርነት ሕቶ ተጠቐምቲ ስለዝሓልፍዎ ኪደት ቪዛ ኣብ ውሽጢ ርክብ ጉድኣት እንተድኣበጺሕዎም ከመይ ጌሮም ሓገዝ ከም ዝረኽቡ ትኽክለኛ ሓበሬታ ምሃብ እዩ።

**ዘበታዊ ጥቕዓት እንታይ እዩ?**

ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ወይ ዓርኪ ብካልእ መሓዛ ጸርፊ ወይ ኣካላዊ መጥቃዕቲ ዘብጽሕ እንተድኣኮይኑ ዘቤታዊ ጥቕዓት ይበሃል። እዚ ድማ ዝኾነ ዓይነት ኣካላዊ ጉድኣት፣ ብዘይፍቃድ ዝፍጸም ስጋዊ ርክብ፣ ብምግላል ወይ ብምፍርራሕ ብስምዒት ዝግበር ጽዕንቶ፣ ምስ ገንዘብ ዝተተሓሓዘ ወይ ናይ ነባርነት ቪዛ ዝምልከት ጸርፊ ከምኡውን መፈራርሒ ኩሉ የጠቓልል።

መብዛሕትኡ ዘቤታዊ መጥቃዕቲ ዝፍጸሙ ብኣወዳት ኮይኑ ተጠቃዕቲ ውን ኣዋልድን ህጻናትን እዮም። ነገር ግን ዘቤታዊ ጥቕዓት ኣብ ልዕሊ ኣወዳት ክበጽሕ ይኽእል እዩ፡ ፡ ዘቤታዊ ጥቕዓት ጾታዊ ትንኮሳ፣ ኣብ ህጻናት ዝበጽሕ ብዝበዛ ከምኡውን ካልኦት ዓይነት ጥቕዓታት ይውስኽ።

ጾታዊ ትንኮሳ ማለት ዝኾነ ዓይነት ብዘይፍቃድ ብሰብኣይ/ሰበይቲ ወይ ብካልእ ሰብ ዝበጽሕ ጾታዊ ተግባር እዩ። ኣብ ልዕሊ ህጻናት ዝበጽሕ ብዝበዛ ወይ ጉድኣት እዘመ ዝስዕቡ የጠቓልል፡

- ሃንደበታዊ ዝኾነ ሓደጋ ከይወሰኸ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ህጻናትን ብምቕጻዕ ወይ ብካልኦት ምኽንያታት ኣብ ልዕሊ ህጻናት ዝበጽሕ ኣካላዊ ጉድኣት
- ግቡእ ናይ መግቢ፣ መጠቓለሊ፣ ናይ ሕክምና ከምኡውን ቁጽጽር ክንክን ዘይምሃብ
- ጾታዊ መጥቃዕቲ
- ብምፍርራሕ ከምኡውን ኣድላዪ ፍቅርን ክንክንን ብምኽላእ ዝፍጠር ስምዒት ከምኡውን ጽዕንቶ

ብዝኾነ ኩነታት ዘቤታዊ መጥቃዕቲ፣ ጾታዊ ትንኮሳ ከምኡውን ኣብ ልዕሊ ህጻናት መጥቃዕቲ ምብጻሕ ብሕጊ ኣሜሪካ ዝተኸልከለ ተግባር እዩ። ዝኾነ ኣብ ኣሜሪካ ዘሎ ሰብ ዘርኢ፣ ሕብሪ፣ ሃይማኖት፣ ጾታ፣ ዕድመ፣ ብሄር ወይ ናይ ነባርነት ኩነታ ከይኣገዶ ካብ መጥቃዕቲ ናይ ምሕላው ናይ ሕጊ ከለላ ኣለዎ። ዝኾነ ዘቤታዊ መጥቃዕቲ ተኀዳኢ ዝኾነ ሰብ ናይ ነባርነት ቪዛ ወይ ናይ ዜግነት ሕቶ ኣመልካቲ ምኻኑ ከይኣገዶ ኣድላዪ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል፡ ፡

ናይ ነባርነት ምልክታ ኣቕረቡ ዘቤታ መጥቃዕቲ ተኀዳኢ ዝኾነ ሰብ ንነባሪ ዝገብሮ ከለላ ሕጊ ንምርካብ ብቑዕ እዩ፡ ፡

ዘቤታዊ ጥቕዓት ዝበጽሖም እንተድኣኮይኑ ኣጀኹም! እዚ በራሪ ወረቐት ዝተዳለወ ኣድላዪ ሓገዝ ከመይ ጌሮም ክረኽቡ ከም ዝኽእሉ ከምኡውን ኣብቲ ጉዳይ ብሕጊ ኣሜሪካ ብዛዕባ ዘለዎም መሰል ንምብርህራህ እዩ።

**ተኀዳእቲ ዘቤታዊ ጥቕዓት ኣብ ኣሜሪካ ሃገር ዘለዎም ሕጋዊ መሰላት እንታይ እዮም?**

ዝኾነ ይኹን ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ዝርከብ ሰብ ናይ ነባርነት ወይ ናይ ዜግነት ኩነታት ከይገደበም ብፍትሃብሄር ከምኡውን ገበነኛ መቕጽዒ ሕጊ ዝተቀመጡ መሰረታውያን ናይ ሕጊ ሓለዋታት ይግበረሎም። ብተወሳኺ ናይ ቤተሰብ ጉዳያት ብዝምልከቱ ሕግታት ዝስዕቡ መሰላት ይህልዎም።

- ንዕኦም ኮነ ንደቆም ናይ ሕጊ ከለላ (ሓለዋ) ናይ ምርካብ
- ናይ በዓል ቤቶም ፍቃድ ከየድለየ ሕጋዊ ፍትሕ ወይ መፍልላይ ናይ ምፍጻም
- ኣብ ግዜ ሓዳር ዝፈረዩ ዝተወሰኑ ንብረታት ብሓባር ናይ ምጥቃም (ኣብ ግዜ ፍትሕ ኣብያተ ፍርዲ ብእኦም ከምኡውን በዓልቤቶም ናይ ንብረትን ገንዘብን ክፍፍል ከግበር ይውስኑ።)
- ቆልዑ ናይ ምዕባይ ከምኡውን ናይ ገንዘብ ድጋፍ ናይ ምርካብ (ካብ 21 ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ ቆልዑ ዘለዎም ወለዲ ሓቢሮም

ንዘይነብሩ ቆልዑ ድጋፍ ንክገብሩ ትጽቢት ይግበረሎም)

እዚ ዝመስል ናይ ቤተሰብ ሕግታት ዝህቦም መሰልን ግዴታን ብዝበለጸ ንምርዳእ ካብ ሕቶ ነባርነት ኣመልከትቲ ብሕጊ ቤተሰብ ዝሰርሑ ጠበቓታት የማኽሩ፡ ፡

ዝኾነ ናይ ገበን ተግባር ዝተፈጸመሉ ሰብ ናይ ነባርነት ወይ ናይ ዜግነት ኩነታት ከይኣገዶ ንኣድላዪ ሓገዝ ናብ ፖሊስ ምድዋል ወይ ናይ ሕጊ ሓለዋ ትእዛዝ ካብ ኣብያተ ፍርዲ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። ንሳቶም ወይ ውላዶም ኣብ ውሽጢ ሓደጋ እንተድኣሃልዮም 911 ንፖሊስ ይደውሉ። ሕጹዮም ወይ በዓልቤቶም ወይ ካልእ ሰብ ናይ ገበን ተግባር ክፍጽሙ እንተድኣተጠርጢሮም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክውዕሉ ይኽእሉ። ዝኾነ ዓይነት ዝበጸሖም መጥቓዕቲ ከምኡውን ኣካላዊ ጉድኣት ግዚኡ ዝሓለፈ ዋላ እንተኾነ ንፖሊስ ክትሕብሩ ኣለኩም። ዝኾነ ሰብ ናይ ነባርነት ወይ ናይ ዜግነት ኩነታት ከይገደበ ናይ ገበን ፍጻሜ ንፖሊስ ክሕብር (ሪፖርት ምግባር) ይኽእል።

ብተመሳሳሊ መልክዑ ዘቤታዊ ጥቕዓት ተጎዳኢ ካብ ዝኾኑ ናይ ሓለዋ ትእዛዝ ክወሃቦም ንቤት ፍርዲ ምምልካት ይኽእሉ። ብቤት ፍርዲ ዝተዋህበ ናይ ሓለዋ ወይ ናይ ክልከላ ትእዛዝ ጉድኣት ዘብጽሓሎም ግለሰብ ከይትድውሉሎም፣ ብኣካል ከይትረኽብዎም፣ ከይትጽግዕዎም ወይ ንሳቶም (ደቆም) ናይ ቤተሰብ ኣባሎ ጉድኣት ንከየብጽሕ ዝኽልክል ይኸውን። እቲ ውልቀ ሰብ ናይ ሓለዋ ትእዛዝ ዝተሓላለፈ እንተድኣኮይኑ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንክውዕል ንፖሊስ ክሕብሩ ይኽእሉ። ናይ ሓለዋ ትእዛዝ ንምርካብ ምልክትኦም ኣብ ኣብያተ ፍርዲ፣ መደበር ፖሊስ፣ ናይ ኣዋልድ መዕቖቢታት ከምኡውን ናይ ሕጊ ኣገልግሎታት መውሃቢ ቢሮታት ከቅርቡ ይኽእሉ። መጥቓዕቱ ዝፈጸሞ ግለሰብ ናይ ገበን ክሲ ኣብ ልዕሊኦም እንተድኣቀሪቡ፣ ናይ ነባርነት ወይ ናይ ዜግነት ኩነታት ከይገደበም ጠበቓ ናይ ምዝራብ፣ ጠበቓኦም ኣብ ዘይህልወሉ መልሲ ዘይምሃብ ከምኡውን ባዕሎም ናይ ምክልኻል መሰል ይህልዎም። እዚ ዓይነት ኩነታት ክጋጥሞም ከሎ ናይ ነባርነት (ኢሚግሬሽን) ጉዳያት ከምኡውን ናይ ገበን ጉዳያት ዝሕዙ ጠበቓታት ከማኽሩ ኣለዎም።

**ዘቤታዊ ጥቕዓት ወይ ጾታዊ ትንኮሳ ንዝበጽሖም ጉዱኣት ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ዝወሃቡ ኣገልግሎታት እንታይ እዮም?**

ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ናይ ገበን ተግባር ተጠቓዕቲ ዝኾኑ ሰባት ናይ ነባርነት ወይ ናይ ዜግነት ኩነታት ከይገደቦም ኣብ መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ትካላት ዝወሃቡ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት፣ ናይ ትርጉም፣ መዕቆቢ ህጹጽ ግዜ ከምኡውን ናይ ገንዘብ ድጋፍ ሓገዛት ክረኽቡ ይኽእሉ። ዝስዕቡ ቁጽሪ ተሌፎናት ንጥቕዓት ተጎዳእቲ ካብ ክፍሊት ናጻ ዝኾነ ናይ 24 ሰዓት ሓገዝ ዝህቡ ሰብ ሞያ ዝርከቦም እዩ። በዞም ቁጽርታት እንተድኣደዊሎም ብቋንቋኦም ኣገልግሎት ዝህቡ ተርጎምቲ ይረኽቡ። ሰብ ሞያታት ኣብ ቀረብኦም ዘለዉ ካብ ክፍሊት ነጻ ዝኾነ ናይ ህጹጽ ግዜ መዕቆቢ፣ ሓገዝ ሕክምና፣ ናይ ምኽሪ ከምኡውን ናይ ሕጊ ኣገልግሎት ክረኽብሉ ዝኽእሉ ቦታ ይሕብርዎም።

ብሄራዊ ዘቤታዊ ጥቕዓት መሐበሪ (ሆቲ ላይን)
ስልኪ፡ 1-800-799-SAFE (1-800-799-7233)
1-800-787-3224
ድሕረ ገጽ፡ www.ndvh.org
ብሄራዊ ጾታዊ ትንኮሳ መሐበሪ (ሆቲ ላይን)
ስልኪ፡ 1-800-656-HOPE (1-800-656-4673)
ድሕረ ገጽ፡ www.rainn.org ዝጠፍኡ ከምኡውን ንብዝበዛ ተቓላዕቲ ዝኾኑ ህጻናት ብሄራዊ ማእከል ስልኪ 1-800-THE-LOST (1-800-843-5678)ድሕረ ገጽ፡ www.missingkids.com
ናይ ገበን ፍጻሜ ጥቁዓት ብሄራዊ ማእከል
ስልኪ፡ 1-800-FYI-CALL (1-800-394-2255)
1-800-211-7996 (TTY)
ድሕረ ገጽ፡ www.ncvc.org
መተሓሳሰቢ፡ ናይዞም ትካላት ተልእኾ ድሕንነት ከምኡውን ሓለዋ ዝተመልከተ ጥራይ እዩ።

**ዘቤታዊ ጥቕዓት/ጾታዊ ትንኮሳ/ ናይ ካልእ ዓይነት ፍጻሜ ገበን ተጎዳኢ እንተድኣኮይነ እንታይ ዓይነት ናይ ነባርነት (ኢመግሪሽን) ኣማራጺታት ይህልወኒ?**

ናይ ነባርነት ሕቶ ዘቕረቡ ከምኡውን ዘቤታዊ ጥቕዓት፣ ጾታዊ ትንኮሳ ወይ ናይ ወንጀል ተግባር ተጎዳእቲ ዝኾነ ግለሰባት ንባዕሎም ወይ ንደቆም ናይ ነባርነት ሕቶ ብሰለስተ ዓይነት መንገድታት ክቀርቡ ይኽእሉ። እዚ ድማ ዘቕረብዎ ሕቶ ምስጢራውነቱ ዝተሓለወ ይኸውን፡ ፡

ስለዚ ጉድኣት ዘብጽሓሎም ወይ ወንጀል ዝፈጸመ ወይ ናይ ቤተሰብ ኣባሎም ወሲኹ ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ ዘቕረብዎ ሕቶ ንክፈልጡ ኣይግበርን። ሕቶታ ክቀርቡሎም ዝኽእሉ ሰለስተ ኣማራጺታት ዝስዕቡ እዮም፡-

- ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝበጽሕ መጥቓዕቲ ብዝዳንዮ ሕጊ (VAWA)ሕጋዊ ነባርነት ንምርካብ ዝቀርብ ናይ ውልቂ ምልክታ
- ናይ ነባርነት ምልክታ ክልከላ ስረዛ ኣብ (VAWA)
- ንተግባር ገበን ተጠቓዕቲ ዝቀርብ ምልክታ

**መርዓ መሰረት ዝገበረ ናይ ነባርነት ፍቓድ ናይ ምርካብ ከይዲ እንታይ ይመስል?**

መርዓ መሰረት ዝገበረ ናይ ነባርነት ፍቓድ ናይ ምርካብ ከይዲ ዝተፈላለዩ ከይድታት ሓሊፉ ዝወሃብ እዩ። እዚ

ከይዲ ናብ ኣሜሪካ ንምግዓዝ ብዝረኸባ ናይ ቪዛ ዓይነት ከምኡውን ብካልኦት ተተሓሓዝቲ ጉዳያት ዝተመስረተ ይኸውን። ካብዚ ንታሕቲ ብዛዕባ ዓይነታት ቪዛ ከምኡውን ንሰም ዘለዎም ሕጋዊ መሰላት ጥቕልል ዝበለ ሓበሬታ ይረኽቡ።

ኬ-1(ካብ ነባርነት ወጻኢ ዘሎ ኩነታት- ናይ ኣሜሪካ ዜጋ ሕጹይ ዝኾነ ሰብ)- በዚ ዓይነት ቪዛ ናይ ነባርነት ኣመልካቲ ምስ ዝኾኑ ኣሜሪካዊ ሕጹያት ናብ ኣሜሪካ ቅድሚ ምእታዎም ወይ ድሕሪ ምእታዎም ኣብ ዘለዉ 90 መዓልታት መርዓ ክፍጽሙ ኣለዎም። መርዓ ድሕሪ ምፍጻሞም ናይ ነባርነት ሕቶ ምስ ዘቕረበሎም ኣሜሪካዊ ዓርኮም ብምኻን ናይ ስሩዕ ነባርነት ምልክታ ወይ ናይ ነባርነት ኩነታ መስተኻኸሊ (FORM I-865) ክቕርቡ ኣለዎም። ዘቕረብዎ ምልክታ ተቐባልነት እንተድኣረኺቡናይ ነባርነት ኩነታ ካብ ኬ ናብ ብኩነታት ዝተመስረተ ስሩዕ ነባርነት ይቕየር። እዚ ብኩነታት ዝተመስረተ ናይ ነባርነት ኩነታ ንክልተ ዓመት ዝጸንሕ ይኸውን።

ናይ ኬ-1 ቪዛ ምስ ዘመልከተሎም ኣሜሪካዊ ውልቀ ሰብ መርዓ ከይፈጸሙ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ እንተድኣጸኒሖም ወይ ምስ ካልእ ሰብ እንተድኣተመርዕዮም ናይ ቪዛ ቅድመ ኩነታት ዝተሓላለፉ ብምኻኑ ዝኾነ ይኹን ናይ ነባርነት ሕጋዊ ፍልጠት ኣይህልዎምን።

ብተወሳኺ ካብ ሃገረ ኣሜሪካ ክለቁ ዝገብር ሕጊ ክኽፈቶመር ከምኡውን ካልኦት ዓይነት መቕጻዕቲ ክቕመጠሎም ይኽእል።

ኬ-3 (ካብ ነባርነት ወጻኢ ዘሎ ኩነታት- ናይ ኣሜሪካዊ ዜጋ ሰብኣይ/ሰበይቲ ንዝኾነ ሰብ) - እዚ ዓይነት ናይ ቪዛ ፍቓድ እንተድኣሃልይዎም ናይ ቤተሰብ ቪዛ ምልክትኦም (ኣይ-130) ፍቓድ ክሳብ ዝረኽቡ ብግዚያዊነት ናብ ኣሜሪካ ክኣትዉ ይኽእሉ። ናይ ቤተሰብ ቪዛ (ፍቃድ) ምልክትኦም ተቐባልነት እንተድኣረኺቡ ስሩዕ ናይ ነባርነት ፍቓድ (ግሪን ካርዲ) ክረኽቡ ይኽእሉ። ነዚ ውን ናይ ስሩዕ ነባርነት ምልክታ ወይ ናይ ነባርነት ኩነታት መስተኻኸሊ (ቅጥዒ 1-485) ክቕርብ ኣለዎ።
ካብዚ ወጻኢ ዘለዉ መርዓ መሰረት ዝገበሩ ናይ ነባርነት ሕቶ ዘቕረቡ ኣመልከትቲ ኣብ ኣሜሪካ ቆንስላ ቤት ጽሕፈት ዝተዋህበ ሓበሬታ ክርእዩ ይግባእ። ተወሳኺ ሓበሬታ በዚ ዝስዕብ ድሕሪ ገጽ ክረኽቡ ይኽእሉ። http://www.uscis.gov

## ምስ መርዓ ዝተተሓሓዘ ዝፍጸሙ ምትላላት ዝቕመጡ መቕጻዕቲ እንታይ እዮም?

ምስ መርዓ ዝተተሓሓዘ ምትላል ዝፍጸሙ ናይ ነባርነት ኣመልከትቲ ኣሜሪካ ንክለቁ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰዶም ይኽእል።

ብተወሳኺ ዝኾነ ዓይነት ናይ ኣሜሪካ ቪዛ ሕቶ ኣብ መጻኢ እንተድኣኣቕረቦም ክንጸግ ይኽእል። ምስ መርዓ ዝተተሓሓዘ ምትላል ገበነኛ (ጥፍኣተኛ) ኮይኑ ምርካብ ክሳብ 5 ዓመት ዝበጽሕ ማእሰርትን ክሳብ 250,000 ኣሜሪካ ዶላር ይቕጻዕ።

## ኣሜሪካዊ ዜጋ ምስ ዝኾነ ሰብ መርዓ እንተድኣፈጺሙ ዝረኽቦ ናይ ነባርነት ኩነታት እንታይ እዩ?

ስሩዕ ነባርነት ምልክትኦም (ቅጥዒ ኣይ-485) ተቐባሊ ኮይኑ መርዕኦም ካብ ክልተ ዓመት ዝወሓደ ግዜ ዝጸንሐ እንተድኣኮይኑ ካብ ኣሜሪካ ናይ ኢሚግሬሽን ቤት ጽሕፈት (USCIS) ግዚያዊ (ኣብ ኩነታቶም ዝተመርኮሰ) ናይ መንበሪ ፍቓድ ይረኽቡ። እዚ ፍቓድ ክልተ ዓመት ንክመልኦ 90 መዓልታት ምስ ተረፎ ንስኹምን በዓል ቤትኩምን ብሓባር ኣብ መንበሪ ፍቓድ ዘሎ ናይ ኩነታት ገደብ ንክልዓል ከመልክቱ ኣለዎም። ነዚ ድማ መርዓ ብንጹህ ሕልና ዝተፈጸመ ምኻኑ ከምኡውን ሕጋዊ ተቐባልነት ከም ዘለዎ ከረጋግጹ ኣለዎም። ኣብ መንበሪ ፍቓዶም ዘሎ ናይ ኩነታት ገደብ ድሕሪ ምልዓሉ ኣብ ኣሜሪካዊ ዓርኮም መሰረት ዘይገበረ ናይ ባዕሎም ስሩዕ ናይ ነባርነት ፍቓድ ይህልዎም።

ናይ ስሩዕ መደበኛ መመልከቲኦም (ቅጥዒ ኣይ-485) ቅቡል ኮይኑ መርዕኦም ካብ 2 ዓመት ንላዕሊ ዝጸንሐ እንተድኣኮይኑ ናይ ስሩዕ መንበሪ ፍቃድ ይወሃቦም። እዚ ፍቓድ ምስ ረኸቡ ናይ ነባርነት ኩነታቶም ብኣሜሪካዊ ዓርኮም መሰረት ዝገበረ ምኻኑ ጠጠው የብል።

ብኩነታት ዝተመስረተ ናይ መንበሪ ፍቃድ ዘለዎም ነበርቲ ብፍቓዶም ዘሎ ኩነታት ክለዓለሎም ምስ በዓልቤቶም ብሓባር ከመልክቱ ከም ዘለዎም ዘቀምጥ ድንጋገ ሕጊ ክለዓለሎም (ተፈጻሚ ከይከውን) ፍቓድ ክሓቱሎም ዝኽእሉ 3 ኣማራጺታት ኣለዉ። እዚኣቶም ድማ፦-

1. ናይ ኩነታት ምልዓል ከቢድ ሽግር ዘብጽሕ እንተድኣኮይኑ ወይ
2. ካብ ሞት ወጻኢ ብዘለዉ ምኽንያት መርዓ እንተድኣፈረሱ ከምኡውን እቲ ኣመልካቲ በቲ ኩነታት ዘለዎ ገደብ ብግዚኡ ክለዓል ሕቶ እንተድኣኣቕረቡ (ምልክትኦም ብግቡእ ግዜ ብዘይምቕራብ ጥፍኣተኛ እንተዘይኮኑ) ወይ
3. ኣብ ግዜ መርዓ ኣሜሪካዊ ዜግነት ወይ ናይ ስሩዕ ነባርነት ፍቓድ ዘለዎ ተመርዓዊ ብኩነታት ዝተመስረተ ናይ ነባርነት ፍቓድ ዘለዎ ዓርኪ ጉድኣት ወይ ናይ ጭካነ ተግባር እንተድኣፈጺሙ

ሰለስቲኦም ናይ ይለዓለለይ ሕቶታት ክቀርቡ ዘለዎም ኣብ (ቅጥዒ ኣይ-751) እዩ። ብተወሳኺ እቲ መርዓ ብንጽህ ሕልና ዝተፈጸመ ከም ዝኾነ ከም ዘይተታለለ ከረጋግጽ ኣለዎ።

**ናይ ወጻኢ ሃገር ዜጋ ንዝኾኑ ከምኡውን ኣሜሪካ ሕጹይ ወይ መርዓዊ ወይ መርዓት ዘለዎም ውልቀሰባት ከምኡውን ደቆም መሰላቶም ብኸመይ ከም ዝኽበር ተወሳኺ ሓበሬት ከመይ ጌሮም ይረኽቡ።**

ከም ናይ ኣውሮጳ ኣቆጻጽራ ብ2005 ዝጸደቀ ዓለም ለኸ ናይ መርዓ ኣራኸቢ መተሓዳደሪ ሕጊ (IMBRA) መርዓ መሰረት ዝገበረ ናይ ነበርነት መመልከቲ ኪደት ናይ ወጻኢ ሃገር ዜግነት ዘለዎም ናይ ኣሜሪካዊ ዜጋ ሕጹይ ወይ ዓርኪ ጥቕሚ ምሕላዉ ከም ዘለዎ የቀምጥ። ከምኡውን መንግስቲ ኣሜሪካ ናይ ወጻኢ ሃገር ዜጋ መርዓ መሰረት ዝገበረ ናይ ነባርነት ኣመልከትቲ ናይ ቪዛ ሕትኦም ዝቀረበሎም ኣሜሪካዊ ዓርኮም ናይ ጥቕዓት ተጎዳእቲ ከይኮኑ ዝረድኡ ሓበሬታታት ክህብ ይሓትት። ናይዚ ምኽንያት ብሕጹይነት ወይ ብመርዓ ናብ ኣሜሪካ ንነባርነት ዝኸዱ ውልቀሰባት ናይ ኣሜሪካ ሕግታት ብእኹል ኩነታት ስለዘይፈልጡ ከምኡውን ብዘቤታዊ ጥቕዓት ከይበጽሖም ዝከላኸል ቤተሰብ ወይ ዓርኪ ኣብ ቀረብኦም ስለዘይህሉ እዩ። ነዚ ድማ እቲ ሕጊ እዚ በራሪ ወረቀት ብጽሑፍ ንክዝርጋሕን ኣብ ውሽጢ ብኣሜሪካ ሃገር ንሳቶም ካብ ጥቕዓት ዝከላኸሉ ሕግታት ኣገልግሎታት ዝርዝር ሓበሬታ ክህብ ይእዝዝ። ብተወሳኺ እቲ ሕጊ ኣሜሪካዊ ዓርኮም ተደጋጋሚ ዝኾነ ናይ ገበን ታሪኽ ንዕኦም ዘቕርቦ ናይ ሕጹይነት ቪዛ መመልከቲ ክንጸግ ይድንግግ። ምስዚ ዝተተሓሓዘ ሕጹየዮም ዘቕርቦ ናይ ቪዛ ድጋፍ (Sponsorship) ቅዳሕ ምልክታ ከምኡውን ናይ ገበን ታሪ ኽ ኩነታቶም ሓበሬታ ንዕኦም ክበጽሕ ይእዝዝ።

**ዓለም ለኸ መርዓ ኣራኻቢ ዝተመልከቱ ጉዳያት ብመንግስቲ ኣሜሪካ ብኸመይ ይግልገሉ?**

መርዓ ዝፍጸም ብመርዓ ኣራኸቢ ትካል እንተድኣኮይኑ እቲ ትካል ኣድራሽኦም ንኣሜሪካዊ ዓሚል ቅድሚ ምሃቡ ናቶም ፍቓድ ምርካብን ብዛዕባ ውልቀሰቡ ናይ ገበን ካልኦት ጉዳያት ዝርዝር ሓበሬታ ክህብ ኣለዎ። ትሕቲ 18 ዓመት እንተድኣኮይኖም እዚ ትካል ዝኾነ ይኹን ናይ መርዓ ምርኽኻብ ስራሕ ምስኦም ክፍጽም ኣይክእልን።

**ብዛዕባ ኣሜሪካዊ ዜጋ ሕጹየይ ወይ በዓል ቤተይ ዝበጽሓኒ ናይ ገበን ታሪኽ ሓበሬታ በይኑ ናይ ሕጹይነት/ናይ መርዓ ውሳኔ ንምግባር እኹል እዩ?**

ናይ መርዓ ኣራኸቢ ትካል ዘቕርበሎም ናይ ገበን ታሪኽ ማህደር ዝዳሎ ካብ ዝተፈላለዩ ናይ መንግስቲ ትካላት ዝተኣከበ ሓበሬታ ከምኡውን ዓማዊል ብነባርነት ምልክታ ብዘስፈርዎ ሓበሬታ መሰረት እዩ። መንግስቲ ኣሜሪካ ናይ ኢሚግሬሽን ቤት ዕዮ (USCIS) ኣብ መላእ ኣሜሪካ ዝተፈጸሙ ናይ ገበን ተግባራት ሓበሬታ (Database Access) ክይህልዎ ይኽእል። ብተወሳኺ ኣሜሪካ ሕጹይ ወይ ዓርኮም ብሕጊ ዘይተፈልጠ (ዘይተረጋገጸ) ጥቕዓት ናይ ምፍጻም ታሪኽ ክህልዎ ይኽእል። ስለዚ ዝበጽሖም ናይ ገበን ታሪኽ ማህደር ዝተማልአን ብቁዕን ዘይክኸውን ይኽእል። ናይ መርዓ ኣራኸቢ መተሓዳደሪ ሕጊ ቀንዲ ዕላማ ኣድላዪ ሓበሬታ ምቕራብ ጥራይ ኮይኑ ናይ መርዓ/ሕጸ ርክብ ንውሕስነቶም ዘየስግእ ምኻኑ ምውሳን ናይ ባዕሎም ሓላፍነት እዩ።

**ብኣሜሪካዊ ሕጹይ/በዓልቤት ዘቤታዊ ጥቕዓት ዝበጽሖ ሰብ ዘይሕጋዊ ዝውውር ሰብ ጥቑዕ ክኸውን ይኽእል።**

ሓደ ሰብ ካብ ዘቤታዊ ጥቕዓት ብተወሳኺ ዘይሕጋዊ ናይ ሰብ ዝውውር ዝመሰሉ ካልኦት ብዝበዛታት ተቃላዒ ክኸውን ይኽእል። እዚ ድማ ግዴታዊ ናይ ጉልበት ስራሕ ምስራሕ ወይ ብትርፊ ንግዲ ዝተመስረተ ጾታዊ ተግባራት ተጠቓዒ ምኻን የጠቓልል፡ላ፡

ሕጋዊ ናይ ሰባት ዝውውር ጉዳይ ብዝምልከት ድጋፋት በዞም ዝስዕቡ ኣድራሻታት ክረኽቡ ይኽእሉ።

1. ብሄራዊ ዘይሕጋዊ ናይ ሰባት ዝውውር ሓበሬታ ማእከል ስልኪ 1-888-373-7888 (ኣብ ሸውዓቲኦም ናይ ሰሙኑ መዓልታት ን24 ሰዓታት) ድሕረ ገጽ
   www.acf.hhs.gov/trafficking
2. ዘይሕጋዊ ናይ ሰባት ዝውውር ከምኡውን ናይ ሰራሕተኛታት ብዝበዛ መፍለጢ ግብሪ ሓይሊ ናይ ኣሜሪካ ፍትሕ ቤት ዕዮ
   ስልኪ1-888-428-7581 (ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 3:00-11:00)
   ድሕረ ገጽ
   www.usdoj.gov/crt/crim/tpwetf.php

   ተወሳኺ ሓበሬታ ብድሕረ ገጻትና ወይ ቀጺሉ ብዘሎ ካብ ክፍሊት ነጻ ቁጽሪ ብምድዋል ክረኽቡ ይኽእሉ።
   USCIS ሓፈሻዊ ሓበሬታ- ካብ ክፍሊት ነጻ ናይ ስልኪ መስመር (ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ)
   1-800-870-3676 ወይ ድሕረ ገጽና http://ww.uscis.gov ኢሎም ይርከቡ።